


## ምዕራፍ 3

# ሙሴ


1706 ድ.ኽ.
ብግዜ ጥሜት እቲ ወዲ ወዱ ንኣብርሃም ዝነበረ ያእቆብ ንዓሰርተው ክልተ ደቁን፡ ንኹሎም ደቆምን ፡ገላዉኦምን ብህይወት ንምንባር ናብ ግብጺ ወሰዶም። ኣብ ግብጺ ድማ ከም ሓመድ ምድሪ በዝሑ።


ነዊሕ ከይጸንሐ እቶም ስሞም ናብ
እስራኤል እተቐየረ ደቂ ያእቆብ
ካብ ግብጻውያን ይበዝሑ ነበሩ።


እቲ ገዛኢ ግብጺ ዝነበረ ፈርኦን ንደቂ ያእቆብ ባሮት ብምግባር ሕጡብ ኪሰርሑ ኣገደዶም። ንልዕሊ 300 ዓመት ኣብኡ ድሕሪ ምጽናሕ ነቲ ኣምላኽ ንኣብርሃምን ንኣቦታቶምን እተመባጽዖ መብጽዓታት ረሲዖምዎ ነበሩ ።


ኣምላኽ ንኣብርሃም
ህዝቡ ናብ ዘይትፈልጦ
ሃገር ከም ዚወርዱን
ኣብኡ ኣገልገልቲ
ኸም ዚኾኑን
ነጊርዎ ነይሩ እዩ ።


እዚ ሓቂ እዩ እብለኩም ኣለኹ! ፈርኦን ካብ መጠን ንላዕሊ በዚሒና ስለ ዘለና ፈሪሁ ኣሎ ። ንኹሎም ሕጻናት ይቐትሎም ኣሎ።ግብጻውያን ድኹማትን ሃካያትን እዮም። ሰብኡትና ብጻዕሪ ድልዱላት እዮም ። ይፈርሁና እዮም ።
ንወደይ ኣይኪቐትልዎን እዮም ። ኣምላኽ ኬዕቍቦእዩ።
ሃ! ኣምላኽ ኣብ ቅድሚ ሓይሊ ፈርኦን እንታይ ኪገብረሉ ይኽእል፧




ፈርኦን ኣይሁድ እናበዝሑ ከይኸዱ
ስለ ዝፈርሀ ንኹሎም ኣቶም
ናጽላታት ኪቐትሎም ወሰነ።

ኦሪት ዘፍጥረት 46፡ 5-7፣
ዘጸኣት 1፡1-12, 22


ኣደይ ግና ነቶም ወተሃደራትን ነቶም ጐረባብትን ሕጻንና ኣበይ ከም ዘሎ ኺሓትዎም ከለዉ እንታይ ክነግሮም እየ፧
እቲ ሓቂ ክትነግርዬም ኢኺ። እቶም ወተሃደራት ምእንቲ ኸይገብርዎ ባዕላ ኣዲኡ ናብ ርባ ደርብያቶ።


ብገምጋም 1525 ድ.ኽ.
ኣደይ፣ማይ ከም ዘየልሕኾ ርግጸኛ ዲኺ፧
ብቐጥራን እተለበጠ እዩ። ክትንሳፈፍ እያ።


እንደገና ምስ ንእሽቶ ሓወይ ክንራኸብ ዲና፣ እዞም ርጉማት ግብጻውያን እዚኣቶም!
ኣምላኽ ኬዕቑቦ እዩ ። ኣብ ጥቕኡ ኾንኪ ትከታተልዮ።

ጓል ፈርኦን ክትሕጸብ
ናብቲ ርባ መጸት።




ሓደ ኻብቶም እብራውያን ሕጻናት ነይሩ ኪኸውን ይኽእል እዩ ።
ክጽብቕ!
ጠምዩ ኪኸውን ኣለዎ ።


ክከናኸኖ ዝኽእል ሰብ እንተ ዝረክብ ምዕበኽዎነይረ።
ሓደ ኻብቶም እብራውያን እንሀለት ። ምናልባት ክከናኸኖ ዝኽእል ሰብ ትፈልጥትኸውን።


ክከናኸኖ
ዝኽእል ሰብ ክረክብ
ዝኽእል እንተ ኾይነ ኽርኢ
ኢየ ። ብዛዕባ ሓንቲ ውላዳ
ናብ ርባ እተደርበየላ እብራዊ
ሰበይቲ እፈልጥ እየ ። ገና
ብዙሕ ጸባ ኣለዋ ።

ዘጸኣት 2:3-9


እንታይ እየ ገይረ፣ ንወደይ እንደገና ኽርእዮ ድየ፣ ኣምላኽ ይሓልየልና ድዩ፣
ካልእ ኣማራጺ ኣይነበረክን። ክትሓብእዮ ኣይትኽእልን ኢኺ ንዘልኣለም። ውዒሉ ሓዲሩ እቶም ወተሃደራት ረኺቦም ይቐትልዎ እዮም። ወትሩ ኣብ ኣምላኽ ክትውከልኣሎካ።
ኣደይ ኣደይ!


ኣደይ ጓል ፈርኦን ናብቲ ርባ መጺኣ ነቲ ንእሸቶ ሓወይ ረኺባቶ ።ኽትዕብዮ እያ እትደሊ ዘላ። ዚከናኸኖ ሰብ ድማ እያ እትደሊ ዘላ! ሕጂ ናብዚ ትመጽእ ኣላ!
እቲ ዘለኣለማዊ ኣምላኽ ይባረኽ!


ውሉድኪ ኸም ዝሞተኪ ሰሚዐ ። ብጣዕሚ ይቕረታ። ነዚ ድማ ኣብ ርባ ረኺበዮ ። ምእንቲ ኽትከናኸንዮ ገንዘብ ክኣ ክህበኺ እየ።
ጡብ ምስ ሓደገ መጺኡ፡ ፈርኦን ግብጺ ኪኸውን ናብ ቤተ መንግስቲ ኽወስዶ እየ። ሙሴ ኢልና ኽንጽውዖ ኢና።
ሙሴ እናዓበየ ምስ ከደ ብዛዕባ እቲ ናይ ሓቂ ኣምላኽ ኣቦታቱ መሃረቶ ። ኣምላኽ ነዚ ቈልዓ እዚ ፍሉይ ዕላማ ነበሮ ።


ዘለል ንእሽቶ መስፍን፡ ናብቲ ቤተ-መንግስቲ ኽንከይድ ኢና።
ክሳዕ ክንደይ እዮም ብቐልጡፍ ኪጐዩ ዚኽእሉ፧
ንሙሴ ስለ ዝኣለኽዮ አመስግነኪ። ጥዑይ እዩ ዚመስል ። ሃብታምን ሓያልን ኰይኑ ኪዓቢ እዩ።
ዘጸኣት 2:8-10


ሙሴ ወዲ ጓል ፈርኦን ምስ ኰነ ኣብ ግብጺ ዓብዩ ሰብኣይ ኰነ ። ሃብታምን ሓያልን ኪኸውን እኳ እንተ ነበረ ውርሻኡ ግና ፈጺሙ ኣይረስዐን ።


እቲ ኣምላኽ ኣቦታትና ኣብርሃምን ፣ይስሃቅን ፣ያእቆብን ዝኾነ ሙሴ ዘርኡ ኸም ዚበዝሕ ፣ንኣብርሃም ከኣ ናታቶም ኣብ ዘይኮነት ምድሪ ጓኖት ከም ዚኾኑ ነገርዎ።እንሆ ኣብዚ ኢና ዘለና!
እወ ንኣብርሃም ኣብታ ፍልይቲ ሃገር ን400 ዓመት ከም እንሳቐ እውን ነገሮ ። ሕጂ 359 ዓመት ጥራይ ኢና ኣብዚ ዘለና 41 ዓመት ጥራይ እዩ ተሪፉ ።


እዚ ዜደንቕ እዩ ፡፡
ፈርኦን ንኹሎም ባሮቱ ኺኸዱ
ፈጺሙ ኣይፈቐደሎምን፣
ምስ ሃብቶም ኺወጹ እውን
ኣይፈቐደሎምን፡፡ ምናልባት ግን
ሓደ መገዲ ይህሉ ይኸውን ፡፡
ንምንታይ ተወሳኺ 41 ዓመት ንጽበ፣
ንኣብርሃም ከኣ ነቲ ህዝቢ
በቲ ዚገብርዎ እከይ ከም
ዚፈርዶ ነገሮ፣ብዙሕ ሃብቲ
ሒዝና ናብታ ኣምላኽ
ንኣቦታትና ዝሃቦም ምድሪ
ኽንምለስ ኢና፡፡


እቶም እብራውያን ቈልዑ ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ጐይተቶም ይሳቐዩ ነበሩ ። ሕጡብ እናሰርሑ ኣብ ጐዳጕዲ ስላይም ኪሰርሑ ነበሮም ። ሙሴ መከራ ኺወርዶም ከሎ ኺርኢ ስለ ዘይከኣለ ገለ ነገር ኪገብር ወሰነ ።
ተንስእ! ዚወቓዓካ እየ!
ኣታ ረሳሕ ሓሰማ ተንስእ!
ኢበር ተንስእ ።
ዘጸኣት 2፡10-11


ሓደ መዓልቲ ሙሴ ሓደ ኻብ ግብጻውያን ንሓደ ኻብ ህዝቡ ብጭካነ ኺወቕዖ ኸሎ ረኣየ፡፡
ድሕነት ዚረኽበሉ ግዜ ኣኺሉ እዩ ፡፡ እዚ ደው ክብል ኣለዎ ፡፡


ገሙ!
ይኣኽል!
ሙሴ ነቲ ግብጻዊ ቐቲሉ
ነቲ ሬሳ ቐበሮ ሓደ ሰብ ግን
ረኣዮ እሞ ንፈርኦን ነገሮ።


ደዎ በል! ብቕትለት ኣብ ፍርዲ ኸትቐርብ ኢኻ።
ሙሴ እዩ!
ኦ ኣምላኸይ! እንታይ እየ ገይረ፧


ብገምጋም 1491 ድ.ክ.
ሙሴ ኻብ ግብጺ ወጺኡ ናብ በረኻ ሃደመ።
ስድራ ቤቱ ኾነ ፈተውቱ ስለ ዘይነበሮ
በይኑ እዩ ነይሩ ። ንህዝቡ ኣየድሓነን ።
ገዛእ ርእሱ እውን ኬድሕን ኣይከኣለን።
ዘጸኣት 2፡11-15


ሙሴ ንሓያሎ መዓልትታት ብእግሩ ተጓዕዞ ። ካብኡ ኺርሕቕ ኣብ ዘይክእለሉ እዋን ናብ ሰፈር ጓሶት መጸ ።
እንሆ! ሰብኣይ!
ዳርጋ ዝሞተ እዩ ዚመስል ። ማይ ኣምጽኡሉ።
ግብጻዊ እዩ።

ሙሴ ኣብ መንጎ ሚድያናውያን ሓድሽ
ህይወት ረኸበ ። መገድታት በረኻ
ተማሂሩ ተመርዕዩ ጓሳ ኾነ ። ኣርብዓ
ዓመት ሓለፈ ግብጺ ኸኣ ናይ ርሑቕ
ተዘክሮ ኾነት። ሙሴ ንህዝቡ እንዳገና
ኺርእዮም ተስፋ ቘሪጽዎ ነበረ ።




እዚ ብሓቂ ዜገርም እዩ! እቲ ቈጥቋጥ ብኸመይ እዩ ሓዊ ዘይነድድ፣ ብቐጻሊ ትነድድን ጥራያ ።


ሙሴ ጫማኻ ኣውጽእ። ኣብ ቅድስቲ ምድሪ ደው ኢልካ ኣለኻ። ኣነ ኣምላኽ ኣቦታትካ ኣብርሃም፣ይስሃቅን፣ ያእቆብን እየ።


ስቓይ ርእየ ጸሎት ህዝበይ ኣብ ግብጺ እውን ሰሚዐ እየ ። ካብ ጭቊናኦም እነድሕኖምን ናብታ ንኣቦታቶም እተመባጻዕክዎም ምድሪ ዝንመልሰሉን እዋን እዩ ።
ናብ ፈርኦን ክሰድደካ እየ፣ ንህዝበይ ካብ ባርነት ከተውጽኦም ኢኻ። ንህዝበይ ኪሓድጎም ክትነግሮ ኢኻ፣ ንሱ እውን ኪኣቢ እዩ።

ዘጸኣት 2:16-3:10


ንስኻ ኸም ዝለኣኽካኒ ግና ኣይኣምኑን እዮም፡፡ ኪስሕቁ እዮም፡፡


በትሪኻ ናብ
ምድሪ ደርብዮ፡፡


እንታይከ ፧በትረይ!


ቀታሊ ተመን ኲይና!


ነቲ ተመን ብጭራ ኣልዕሎ።


ናብ በትረይ ተመሊሱ!


ናብ ግብጺ ኺድ ፡፡ እንታይ ከም እትብልን እንታይ ክትገብር ከም ዘሎካን ክምህረካ እየ፡፡ ሓውካ ኣሮን ሓጋዚኻ ኪኸውን እዩ፡፡
ዘጸኣት 4 ፡1-4, 12-16


1445 ድ.ሕ.
ኣርብዓ ዓመት ሓሊፉ ኣሎ ። ኩሎም እቶም ብዛዕባ ሕሉፍ ህይወተይ ዚፈልጡ ሞይቶም እዮም። ዋላ ሓደ ኣይኪፈልጠንን እዩ ።
ፈርኦን ንህዝቢ ኣምላኽ ክሳዕ ዚሓድጎም።
ናብ ግብጺ ኽትምለስ ኢኻ! ኩሎም እቶም ኪቐትሉኻ ዚደልዩኸ ፤
ንኽንደይ ዚኣክል ግዜ ኢኻ ኽትከይድ፧


ንኹሎም ሸማግለታት ጸውዕዎም! ድሕነት ንረኽበሉ ግዜ ኣኺሉ እዩ!
ንሶም መን እዮም፧
ንሱ ኣሮን እቲ ሌዋዊ እዩ። እቲ ሓደ ከማና ይመስል፡ ባርያ ግን ኣይኮነን ።


ሙሴ ቐድሚ ሰማንያ ዓመት ኣብቲ ፈርኦን ንኹሎም ሕጻናት ኪቐትል ዝጀመረሉ እዋን እዩ ተወሊዱ ። ኣዲኡ ኣብ ሳጹን ጎራ ኣብቲ ፈለግ ሓብኣቶ። ጓል ፈርኦን ብኣምላኽ ተደሪኹ ንሙሴ ረኺበቶ ፣ ንሱ ድማ ግብጻዊ ኾይኑ እዩ ዓብዩ ።
ኩልኹም ዓበይቲ እስራኤል ንዑ።
ዘጸኣት 4:29-31


ቅድሚ ኣርብዓ ዓመት ሙሴ ግብጻዊ ኹይኑ ኣብ ክንዲ ዚገዝእ ምስ ህዝቡ መከራ ኺሳቐ ወሰነ ።ብሓይሉ ኼድሕነና ስለ ዝደለየ ፈሸለ ።ኣብ ዝሓለፈ 40 ዓመት ኣብ ምድረ በዳ እታ ኣምላኽ ንኣቦታትና እተመባጽዓሎም ምድሪ እዩ ዚነብር ዘሎ ። ኣብዚ ቐረባ ግዜ ኣምላኽ ኣዘራረቦ ካብ ፈርኦን ብኸመይ ከም ዜድሕነና ድማ ኣርኣዮ! ሕጂ ሙሴ ንፈርኦን ንኺሓድገና ክእምኖ ዚኽእል ትእምርትታት ኬርእየካ እዩ።


ኣምላኽ ኣብርሃም ካብ ዚነድድ ቄጥቋጥ ተዛረበኒ እሞ ናብ ምድሪ ኣቦታትና ኽመርሓኩም ለኣኸኒ። ሓደ ምልክት እንሆ ።


በትሩ ናብ ተመን ተቐየረ።
ኣይትፍርሑ!


ተመልከቱ!


ኣምላኽ መድሓኒ ልኢኹ ኣሎ።
እወ!ንፈርኦን ከነርእዮኢና።


ተኣምራት እዩ!
ሕጂ ናብ ፈርኦን ንኺድ!
ኣምላኽ ኣብርሃም!
ዘጸኣት 4፡17, 30


ቅድሚ ኣርብዓ ዓመት ካብዚ ኻብ ዝከይድ ኣትሒዙ ኣይተቐየረን ። ዝነገርኩኻ ምንጋር ኣይትረስዕ ።



ኣምላኽ እስራኤል ንሙሴ ተዛሪብዎ ኣሎ። ኣምላኽ ነቶም ህዝቢ ንምምላኽን መስዋእቲ ንምቕራብን ንሰለስተ መዓልቲ ናብ በረኻ ኽኸዱ ክትሓድጎም ከም ዘሎካ ተዛሪቡካ ኣሎ።
ሃ! ኣምላኽ እስራኤል ድዩ፧ ሃ ሃ ሃ! ንኣምላኽካ ኣይፈልጦን እየ። ትእዘዞ እዚ ኣምላኽ እዚ መን እዩ፧ባሮተይ ንሰለስተ መዓልቲ ናብ በረኻ ኺኖዓዙ ኣይሓድጎምን እየ።


ንህዝበይ ብኸመይ ከም እተለዓዕሎምን ዕዮኦም ከም ዜቋርጹን ሰሚዐ እየ ። ሕጂ ኸኣ ንዘይፈልጦ ኣምላኽ ንምምላኽ ሰለስተ መዓልቲ ኺጐዓዙ ይደልዩ ኣለዉ፡፡ ዝያዳ ዚዕየ ዕዮ ኸም ዘለዎም ክግንዘብ እየ ።
ካብ ሕጂ ኣትሒዞም ሕጡብ ንምስራሕ ናይ ገዛእ ርእሶም በሰር ኬዳልዉ ኣለዎም፡፡ ሕጂ ካብ ኣዒንተይ ወጺእካ ናብቲ ዝመጻእካዮ ተመለስ፡፡

ዘጸኣት 5:1-7


እቲ ድፋረቱ ኸትኣምኖ ትኽእልዶ፧
ዜስሕቑ እዩ ነይሩ ። ከም ድምጺ ኣምላኽ ኰይኖም ናብዚ ይመጹ።


ኩሉ እቲ ዝዓመምካዮ ዕዮ ናባና ዕጽፊ ምግባር ምዃኑ ዲኻ እትነግረና ዘለኻ፣ ገለ ዓይነት ድሕነት ። ኣምላኽ ዝለኣኸካ ኸኣ ይመስለካ።
መን እዩ ዚመስሎ፧
በቲ ዝገበሮ ውዲታት ከኣ ኣሚናዬ ።
ሓደ ዓይነት ጥሩፍ!


ስለዚ እኹል ክትገብሮ እትኽእል ነገር የብልካን። ንኣምላኽካ ኽተምልኾ ትደሊ ኢኻ ። ስራሕ ክይትህልወካ ኽንምህረካ ኢና።


የሆዋ ብስምካ ኽዛረብ ካብ ዝመጻእኩ ኣትሒዙ ኲነታት እናኸፍአ እዩ ዚኸይድ ዘሎ። ስለምንታይ ኢኻ ናብዚ ዝለኣኽካኒ፧
ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦታትኩም እየ መከራ ርኤኹ ኣውያት ህዝበይ እስራኤል እውን ሰሚዐ።
ነቲ ንኣብርሃም ዝኣተኽዎ መብጽዓ ዝፍጽመሉን ነዚ ህዝቢ እዚ ናብ ምድሪ ከነኣን ዝመርሓሉን እዋን ኢዩ ። ንስኻ ሙሴ ኽትመርሖም ኢኻ።


ጽቡቕ ገይረ ግን ክዛረብ ኣይክእልን እየ ። ፈርኦን ኣይኪሰምዓንን እዩ።
ኣሮን ኪዛረብ እዩ፣ ጽን ኢልካ ሰሚዕካ እንታይ ከም ዚብል ጥራይ ትነግሮ። ኣብ ፈለማ ፈርኦን ኣይኪሰምዓካን እዩ፣ ግብጻውያን ኣነ ናይ ሓቂ ኣምላኽ ምዃነይ ክሳዕ ዚፈልጡ ግና ዝዓበየ ትእምርትታት ከርእዮ እየ።


ሃ ሃ! እንደገና እንታይ ኢኻ እትገብር ዘለኻ፧
የሆዋ “ንህዝበይ ሕደግም” ይብለካ አሎ፡፡


የሆዋ እተዛረቦ ትእምቲ እንሆ ፡፡
ሃ ሃ ሃ! እዚ ናይ ጥንቈላ ሸጣራ ጥራይ ኢዩ፡፡ እዚ ኣየፍርሃኒን እዩ፡፡ ኣስማተኛታትና ጸውዑ፡፡




ዘጸኣት 5:10-23, 7:7-11


ቀልጢፍካ ነቲ
በትሪኻ ናብ ኣትማን እትቐይሮ
ስሒራዊ ሽጣራ ኣምጽኣዮ።


እታ ናይ ኣትማን መልኣኽና ዝያዳ ሕጡብ ክትሰርሕ ትነግረካ ኣላ። ሃ ሃ ሃ!




ዘጸኣት 7፡11-12


ረኣዩ! ተመን ምስ ተመንና ኽበኣስ ይደሊ ኣሎ።


ተመኑ ንሓደ ኣብ ናህና ተመን ይበልዖ ኣሎ!


ንተመንና ምሉእ ብምሉእ ዊሒጥዎ!


ካልእ ክበልዕ ከይፍትን ጥራሕ! ኣምላኽ ተመን ኪቖጣዕ እዩ።


ክኣምን ኣይክእልን! ተመኑ ንነፍሲ ወከፍና ተመና በሊዕዎም።
እዚ ኸመይ ኢሉ ኪኸውን ይኽእል፧




ዘጸኣት 7:12




ዘጸኣት 7፡13 “ንሱ ኸኣ (ኣምላኽ) ንልቢ ፈርኦን ኣትርሮ፡ከቶ ኣይሰምዖን፣ ከምቲ ጐይታ ዝበሎ።”


ስለምንታይ የሆዋ ጠንቈልቲ ፈርኦን ኪደግሙዎ ዝኽእሉ ምልክት ሂቡ ይልእኸና ፤ ዓያሹ መሲልና።
ኣይፈለጥኩን ኣምላኽ ግን ንልቢ ፈርኦን ከም ዜትርሮ ተዛረበ። ብርግጽ ከምኡ እዩ ኣጋጢሙ ። በትረይ ኣትማን ምስ በልዐ ኽሳዕ ክንደይ ከም እተቘጥዐ ርኢኻዶ፧
ንየሆዋ ዝዛረበሉ ቦታ ኽረክብ ኣሎኒ ። ቀጺለ እንታይ ከም ዝገብር ኣይፈልጥን እየ ።


ኣምላኽ እንደገና ምስ ሙሴ ተራኺበ እሞ እንታይ ክገብር ከም ዘለዎ ነገሮ ። ግብጻውያን ንሙሴ ኣላገጹሉ ።ፈርኦን ስለ ዘጨንቐም ህዝቡ ንሙስየ ነጸግዎ፣ ሙሴ ግን ዋላ እኳ እንተ ዘይተረድኦ ንኣምላኽ ኣሚኑን ተኣዘዘ።
የሆዋ “ንህዝበይ ምሕዳግ ስለ ዝኣበኻዮ ኣነ ኣምላኽ ሓቂ ምዃነይ ከኣ ምእንቲ ኽትፈልጡ ኵሉ ማያት ግብጺ ደም ኪኸውን እዩ” በለ።


እዚ ኸኣ ዜደንቕ እዩ ። ብኸመይ እዩ ኽምኡ ገይሩዎ፧
ኪድ ንጠንቌልተደ ኣምጽኣዮም። ኣምላኽ ኒል ነዚ ደው ኬብሎ እዩ።

ዘጸኣት 7፡15-21


ርአ፧ ኣስማተየይ እውን ከምኡ ኺገብሩ ይኽእሉ እዮም። በቲ ናትኩም ጥንቈላን ሽጣራታትኩምን ኣይከኣምንን እየ።


ኣብ ህይወተይ ከምዚ ዝኣመሰለ ነገር ርእየ ኣይፈልጥን እየ ፡፡ ዓይኒ ማያትን ንኣሽቱ ራህያታትን እውን ከይተረፈ ናብ ደም ተቐዪሮም እዮ፡፡ ስም ኣምላኹ እንታይ እዩ ዝበለ፧
እንዷዒ፡፡ ኣየግድስን እዩ፧ብኣሽሓት ዚቘጸሩ ኣማልኽቲ ኣለዉና ፡፡ ኣምላኽ ፈለግ ኒል ተቘጢዑ ኪኾውን ኣለዎ፡፡


ሙሴ ኣምላኹ በይኑ ኣምላኽ ከም ዝኾነ ተዛሪብ ።
ሓደ ኣምላኽ ፧ መስሓቅ እዩ።


እቲ ማይ ናብ ደም ካብ ዚቕየር ሸውዓተ መዓልቲ ጸኒሑ ሙሴ እንደገና ፍርዲ ኣምላኽ ኣብ ግብጺ ኣምጽአ።
ማያት እንቍርዖብ ብብዝሒ ይምላእ።




ዘጸኣት 7:21-25, 8:6


ቤተይ እቊርዖብ መሊኡ፡፡


ኵላ ግብጺ ብእንቍርዖብ መሊኣ ኣላ። እቶም ኣማልኽቲ ተቜጥዖም ኣለዉ!
ካህናትና ኣበይ እዮም ዘለዉ፧ ገለ ነገር ክገብሩዶ ኣይክእሉን ኢዮም፧


አዩዩ!!


ስለምንታይ እዮም ዝያዳ እንቍርዖብ ዚሰርሑ፤ እቲ ሙሴ እኹልዶ ኣይሃበናን፤ ድሕርዚ ፈርኦን ካብዚ ንላዕሊ ኣውስኸና።
ፈርኦን ንሕና ጠንቌልቲ እውን እንቍርዖብ ክሰርሕ ንኽእል ኢና።


ስለምንታይ ዘይትሓድጎም ናብቲ በረኻ ክኸዱ፧ ካብዚ ንላዕሊ ኽንጻወር ኣይንኽእልን ኢና።


ንሙሴ ጸውዓዬ ። ክዘረብ ከም ዝደሊ ንገሮ።
እሺ ጐይታ።


ነተን እንቍርዖብ ኪወስዷን ንየሆዋ ሕተቶ። ከምኡ እንተ ገይሩ ንህዝብኻ ሓዲገ መስዋእቲ ኽገብር እየ።
እንቍርዖብ ኪሞቱ እትደልየሉ ግዜ በል፣ ከምኡ ድማ ኪኸውን እዩ።




ዘጸኣት 8:7-10


ፈርኦን ኣብቲ ዝሸሞ እዋን እንቊርዖብ ከም ዝሞታ ምስ ረኣየ ልቡ ኣትሪሩ ንእብራውያን ኪሓድጎም ፍቓደኛ ኣይነበረን።
ንምድርና ብጬርዖብ ዚመልኣ የሆዋ እንታይ ዓይነት ኣምላኽ እዩ፧
ሓደ ኣምላኽ ከምኡ ኸም ዝገበረ ኸመይ ገርካ ትፈልጥ። ምናልባት ባህርያዊ ተርእዮ ኪኸውን ይኽእል እዩ ።


እሞ ደኣ ሙሴ እዚ ኸም ዚኸውን ብኸመይ ይፈልጥ ነይሩ፧ ኩላቶም ዚሞቱላ ሰዓትከ ብኸመይ ፈሊጡ፧
ስቕ በል! ወይከኣ ፈጺምና ኣይክንውድእን ኢና።


የሆዋ ድማ ንሙሴ “ንኣሮን ኢድካ ዘርግሕ እሞ ብዘላ ምድሪ ግብጺ ኸም ዚቕሙሉ ግበር በሎ” በሎ።


ኩሉ እቲ ኣብ ግብጺ ዝነበረ ሓመድ ድማ ቁማል ኾነ።
ኡይይ


ቁማል ኽትሰርሕ ኣይትኽእልን ኢኻ ፧እቶም ህዝቢ ኣምላኹ ኻብ ናትና ዝሓየለ ኸም ዝኾነ ገይሮም ኪሓስቡ እዮም። ስሒራዊ ሸጣራታት እዚ ጥራይ እዩ ኽትገብሮ እትኽእል።
ጐይታይ ግና እዚ ብርግጽ ዕዮ ኣምላኽ እዩ ። ነቲ እዞም ክልተ ሰባት እዚኣቶም ዝገበርዎ ኺገብር ዚኽእል ዋላ ሓደ የልቦን ። ሓይሊ የብልናን ።


ባህርያዊ መግለጺ ክህሉ ኣለዎ እንተኾነ ግን ነዚ ኽንጻወሮ ኣይንኽእልን ኢና። ናብ ሙሴ መልእኽቲ ለኣኽ ፡፡ ኣምላኹ እንተ ነዚኦም ኣጥፊኡዎም፣ ንእብራውያን ንኣምላኾም ኬገልግሉ ኸም ዝሓድጎም ንገሮ።
ዘጸኣት 8፡13-19


እቶም ቊማል እኳ እንተ ጠፍኡ ነቶም ባሮት ግና ክሓድጎም ኣይክእልን እየ። ከመይሲ ኣምላኹ እንታይ ካልእ ነገር ኪገብር ይኽእል፤


ኣምላኽ ንሙሴ ተዛሪብዎ እዩ ። ኣምላኽ “ናብ ግብጺ ዕስለ ሃመማ ኽሰድድ እየ።ኣባይትኻ ብሃመማ ኺመልእ እዩ። ሕጂ ግና ኣብ መንጎ ግብጻውያንን እብራውያንን ፍልልይ ኽገብር እየ።
ኣብ መንጎ ህዝበይ ሃመማ ኣይኪህሉን እዩ። በዚ ኸምዚ ኣነ ኣምላኽ ኵላ ምድሪ ምዃነይ ኵሉ ኺፈልጥ እዩ” በለ።


ኣቦይ ካህናትና ነዚ ሰብኣይ እዚ ደው ኬብልዎ ዘይከኣሉ ስለምንታይ እዮም፧ ሓይሎም ኣበይ ኣሎ፧
ብዛዕባ እዚ ሃይማኖት ዋላ ሓንቲ ኣይፈልጥን እየ ። ናይ ገዛእ ርእሰይ ስራሕ ጥራይ እዩ ዜተሓሳስበኒ ።


ከምቲ ዝበሎ እዩ፣ ኣብ መንጎ እብራውያን ሃመማ የልቦን! እዚ ዕዮ ኣምላኽም ኪኸውን ኣለዎ ።
ኪድ እሞ ንሙሴርኸቦ።


ኪድ እሞ ንኣምላኽካ ሰዉእ፣ ግናኸ ካብ ምድሪ ግብጺ ኣይትውጻእ።
እንተ ወሓደ ንሰለስተ መዓልቲ ኽንጕዓዝ ኣሎና።
ክትከይድ ትኽእል ኢኻ ክትርሕቑ ግና ኣይትኽእልን ኢኻ። ሕጂ ንኣምላኽካ ኣዘራርበ እሞ ነዞን ጽንጽያታት ክኣልዩም ሕተቶ።


ኣብ ኩላ ግብጺ ሓንቲ ሃመማ ብህይወት ኣይተረፈን፡፡ እዚ ተኣምር እዩ ፡፡
ምዝራብ ኣቋርጽ! ነቲ ዓሻ ክትኣምኖ ኸም ዝጀመርካ ኹይኑ እዩ ዚስምዓካ፡፡
ከም ብሓድሽ ፈርኦን ልቡ ኣትረረ ነቶም ህዝቢ ምሕዳግ ኣበየ ፡፡

ዘጸኣት 8:20-32



ኣምላኽ ኣብ ግብጺ ኻልእ መዓት ሰደደ ። ኩሎም ኣጣኦምን ኣባጊዖምን ኣፍራሶምን ኣግማሎምን ቈሲሎም ሞቱ።እንስሳታት እብራውያን ግን በዚ ሕማም እዚ ኣይተጣዙን።
ኩሎም እንስሳታትና ሞይቶም ናትካ ድማ ጥዑያት እዮም። ብኸመይ፧
ሙሴ ኣምላኽ ኣቦታትና ኻብ ጭካነ ዝመልኦ ባርነትኩም ኬድሕነና ኸም ዝመጸ ተዛረበ፣ ኣነ ግና ተራ ሰብ እየ፣ ብዛዕባ እዚ ነገራት እዚ ኣይፈልጥን እየ ።


ካህናትና ንኣማልኽትና መስዋእቲ የቐርቡሎም ኣለዉ ። እቲ ቐዱስ ብዕራይና ኺሓርቑን ነዚ ደው ኬብሎን እዩ።


ግዜኡ ኸም ዝኣኸለ ንፈርኦን ንገሮ ። ኩሎም እቶም ቅዱሳት ኣብዑርና ሞይቶም እዮም፡፡እቶም ህዝቢ ኣማልኽትና ኻብዚ ናይ እብራውያን ኣምላኾም ከዕቍብዎም ከም ዘይክእሉ ምስ ፈለጡ ክሓርቁ ኢዮም፡፡
ኣማልኽቲ ግብጻውያን ኣበይ ኣለዉ፧ ሓይሊ የብሎምንዶ፧


ፈርኦን ግን
ልቡ ኣትረረ ።
ዘጸኣት 9፡6-7

ኣምላኽ ከም ብሓድሽ
ንሙሴ ተዛረቦ እሞ ኣብ
ልዕሊ እታ ኸተማ ሓምኹሽቲ
ነስንስ፤ ግብጻውያን ከኣ
ብቼስሊ ኺሸፈኑ ነገሮ።




ነቶም ጠንቌልቲ ጸውዓሎም። ኵሉ ሓይሎም ኪጽውዑ ንገሮም። ንኣማልኽትና ሰዊኡ። ነዚ ኣቋርጽዎ ።


ካብ ኵሉ ንላዕሊ ኣኽቢርካ ዷኻእትጽውዕ፧
ጸዊዕካ፡፡ጐይታይ፧


ኣቱም ሓይሊ ዘይብሎም ጭፍራ መታለልቲ ካብ ኣዒንተይ ርሓቑ። ንሰባት ተታልልዎምን ተዐሽውዎምን ኢኹም፣ ግናኸ መታለልቲ ምዃንኩም እፈልጥ እየ። ኣማልኽትኹም ኣበይ ኣለዉ፧


ኣንጊህካ ተንሲእካ ኣብ ቅድሚ ፈርኦን ደው በል እሞ ከምዚ በል፦ “ኣምላኽ እብራውያን ከምዚ ይብል፦ ‘ንህዝበይ ሕደገዎ።እቲ ዚቕጽል መዓትሲ ዝገደደ ኪኸውን እዩ። ንብዙሓት ህዝብኻ ዚቐትል ጥፍኣት ኬምጽእ እዩ።ከምዚ ኸማይ ዝበለ ኣምላኽ ከም ዘየልቦ በዚ ኽትፈልጡ ኢኹም።
ኣይትፈልጡን ኢኹም፣ ግናኸ ኣነ እየ ፈርኦን ዝገበርኩኻ።ንልብኻ ኸም እተትርር ንህዝበይ ድማ ከም ዘይትሓድጎ እፈልጥ ነይረ እየ’ በሎ።


ነቓጽነትካ ንሓይለይ ንኸርኢ ኣብ ግብጺ ድማ ብሰንኪ እቲ ንህዝበይ ዝገበርዎ ጭካነ ንኽፈርድ ኣጋጣሚ ኸፈተለይ፡፡ንጥቕምኹም ኢልኩም እውን ትቃወሙ ኢኹም፣
ስለዚ ጽባሕ ምድሪ ቓድሚ ሕጂ ርእያቶ ዘይትፈልጥ በረድን ሓውን ክሰድድ እየ፡፡’ “


“ኣብ ደገ ዘሎ ኹሉ
ኺመውት እዩ እሞ ኩሉ
ሰብ ገዛእ ርእሱ ወይ ዝኾነ
ይኹን እንስሳ ኣብ ቤቱ ኼእቱ
ኸተጠንቅቕዎ ኣለኩም።”
ዘጸኣት 9፡8-19


ከምቲ የሆዋ ዝበሎይኹን።


ሓውን በረድን ተሓዋዊሱ፣ ኸምዚ ዝኣመሰለ ነገር ብኸመይ ኬጋጥም ዚኽእል፧
እቲ ሓያል ኣምላኽ ሴት ኣድሕነና።
ኡኡኡይ!!
እቶም ነቲ መጠንቀቕታ ዘይርእይዎን ኣብ ግዳም እተታሕዙን ሰባት ሞቱ ።


ኣቦይ! ሙሴ ብኽመይ እዩ ኸምኡ ገይሩ፤ ኣምላኹ ኻብቲ ጐይታ ሕንፍሽፍሽን ህቦብላን ዝኾነ ሴት ዝሓየለ ድዩ፤
ሓደ ኣምላኽ ጥራይ ከም ዘሎ'ን፤ እዞም እብራውያን እዚኣቶም ደቂ ምኻኖምን ተዛሪብ ።
እንተኾነ ግን ንኣምላኹ እብራውያ እውን ርኤሞ ኣይፈልጡን እዮም ። እቲ መንፈስ ጥራይ ከም ዝኾነ ከምተዛረቦ ፡ ንፈርኦን ንኣምላኾም ንኼምልኹ ናብ በረኻ ኺሓድጎም ኬእምኖ ይጽዕር ኣሎ ።


ኣታ ጐይታ
ሕንፍሽፍሽን ህቦብላን
ዝኾነ ሓያል ሴት ፧ነዚ
ዜስካሕክሕ ማዕበል ደው
ከተብሎ ንልምነካ ኣለና። ብርግጽ
ካብዚ ዘይርአ ኣምላኽ ሙሴ
ትዓቢ ኢኻ።
ዘጸኣት 9፡23-26


ናባና ኣይቀረበን፣ ግብጻውያን ጥራይእዮም።
ኣቦይ እፈርህ እየ ። እቲ ሓውን በረድንከ ኣባና ኺወድቕ ድዩ፧


የሆዋ ንግብጻውያን ብዘይምእዛዞም ይቐጽዖም ኣሎ ፡፡ እቲ ናይ ማዕበል ኣምላኾም ሴት ክሕግዞም ከም ዘይክእል ኢዩ ዘርእዮም ዘሎ ፡፡
ኣዝዩ ዜስካሕክሕ እዩ፡፡


ኣብ ቅድሚ የሆዋ ሓጢኣ እየ። ኣምላኽ
እብራውያን ጻድቕ እዩ፣ ኣነን ህዝበይን ከኣ እኩያት
ኢና።ንየሆዋ ሓውን በረድን ደው ኬብሎ ሕተቶ፣
ህዝብኻ ድማ ቀልጢፉ ኺሓድጎም እየ።


ካብታ ኸተማ ምስ ወጻእኩ ኣእዳወይ ናብ ሰማይ ሓፍ ከብል እቲ መዓት እውን ኬቋርጽ እዩ፡፡በዚ ድማ ምድሪ ናይ የሆዋ ምዃና ኽትፈልጥ ኢኻ ቃልካ ግና ኣይክትሕሉን ኢኻ ፡፡ ገና ንኣምላኽ ኣይትፈርህን ኢኻ፡፡
ፈርኦን እቲ ህቦብላ ኸም ዝሓለፈ ምስ ረኣየ ዝያዳ ሓጢኣት ፈጸመ ልቡ ድማ ተረረ፡፡ ነቶም ህዝቢ ኣይሓደጎምን ፡፡


ኣምላኽ ካልእ መዓት እውን ሰደደ ፡፡ ኣንበጣ መጺኦም ንኹሉ እቲ ህቦብላ ዘየጥፍኦ ሓምላይ ነገር ደበልዑ ነበሩ። ድሕሪኡ ናብ ኣባይቲ ኣተዉ ፡፡
ዘጸኣት 9:26-35, 10:13-15


ኣደይ ኣደይ!
ኡወይይ!!
በሎም!


እቲ ኣምላኽ ኣታኽልቲ ዝኾነ ጌብ፤ እዚ ኣምላኽ እብራውያን ንእኽልና እንታይ ከም ዝገብረሉ ኣይትርእን ኢኻ፧
ኦሲሪስ ሓይልኻኣርኢ።
ፈርኦን ንሙሴ ጸዊዑ ነቶም ህዝቢ ኽም ዚሓድጎም ተመባጽዐ፤ ኣምላኽ ነቲ ኣንበጣ ምስ ወሰዶ ግና ፈርኦን ከም ብሓድሽ ልቡ ኣትርረ ባሮቱ ምሃብ ከኣ ኣበየ።
ዘጸኣት 10:14-20

ድሕሪኡ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ግብጺ ብርቱዕ ጸልማት ኣውረደ። ንሰለስተ መዓልቲ ኻብ ደበና ዝመልኦ ለይቲ ጸልመተ፣ ኣብ ኣባይቲ እብራውያን ግና ጸልማት ኣይነበረን።




ካብ ኣዒንተይ ርሓቕ።
ደጊም ገጽካ ኣይክርኢን እየ።
ሓንሳእ ሓቂ ተዛሪብካ
ኢኻ ። ድሕሪ ደጊም
ኣይክንራኸብን ኢና ።


ራ ዓብዩ ኣምላኽ ጸሓይ ስምዓና። ንሰለስተ መዓልቲ ተሓቢእካ ኣለኻ። ነዚ ኣምላኽ እብራውያን ክትስዕሮዶ ኣይምኸኣልካን፧



እዚ ናይ መወዳእታ መዓት ኢዩ ፈርኦን፥ ድማ ካብ ግብጺ ኸንወጽእ ከሎና ባህ ክብሎ ኢዩ። ሎሚ ፍርቂ ለይቲ እቲ መጥፍኢ ብምድሪ ግብጺ ኺሓልፍ እዩ።ኣብ ነፍሲ ወከፍ ስድራቤት በኹሪ ወዲ ተባዕታይ ክመውት እዩ። ኣምላኽ ኣብዛ ለይቲ እዚኣ ንሓጢኣት ኪቐጽዖ እዩ።
በኹሪ ውላድናኸ፥ ንሳቶምከ ኺሞቱ ድዮም፧


ኣምላኽ ንኹሎም
እቶም ዚኣምኑ ንግብጻውያን
እውን ከይተረፈ ድሕነት ሂብዎም
እዩ ። ሕጂ ኼድካ ገንሸል ወይ ድቤላ
ውሰድ እሞ ሎሚ ምሸት ቀተሎ
ደም እቲ ገንሸል ድማ ኣብ ክልቲኡ
ጐድንን ኣብ ልዕሊ ማዕጾን
ኣንብሮ።
የሆዋ “ሎሚ ምሸት ንኹሎም በኹሪ ደቂ
ተባዕትዮ እናቐተልኩ በታ ምድሪ ኽሓልፍ ከለኹ
ደም ኣብ ኣፍ ደገኹም ምስ ረኣኹ፤ በታ ቤት
እቲኣ ኽሓልፍ እየ በኹሪ ድማ ኣይኪመውትን
እዩ” በለ።
ዘጸኣት 10:22-29, 11:4-5, 12:3-7


ጽባሕ ናብ ግብጻውያን ምድተትኩም ኪዱ፣ ነቲ ኽቡር ኣቕሑኦምን ወርቁን ስልማቶምን ብሩሮምን ተለቅሕዎ። ኣምላኽ ንልቦም ተንኪፍዎ እዩ ። ብናጻን ብኣኽልታርን ኪህብኹም እዮም።
ኣቕሑኹም ጠርፍዎ ጽባሕ ንግሆ ኽትኸዱ ተዳሎዉ። ደጊም ናብዚ ኣይክትምለሱን ኢኹም። ንግብጺ ንዘለኣለም ተሰናበትዋ። ሎሚ እታ ቐዳመይቲ መዓልቲኹም እያ።


ኣቦይ እታ
እንኮ ገንሸልና እይ
እኮ፣ቀይሕ ቀለም ወይ
ካልእ ነገር ክንጥቀምዶ
ኣይምኸኣልናን፧
ኣምላኽ
ገንሸል ኪቐትልን ደሙ
ኣብ ማዕጾ ኬንብርን ተዛረበ።
ልክዕ ከምቲ ዝበሎ ኽንገብር
ኣሎና ። ነቶም ዘይእዘዝዎ
ብኸመይ ከም ዚፈርዶም
ርኢኻ ኢኻ ። እዛ ገንሸል እዚኣ
ኻብ ሞት ከተድሕነካ እያ።


እሞኺ እዛ ገንሸል እዚኣ ምእንታይ ሞይታዶ፧
ንዓይ እውን ከምኡ እዩ ። ኣነ እውን በኹሪ ወዲ እየ።


ኣደይ ኣቦይ ንማዕጾና ብደም ዚቐብኦ ዘሎ ስለምንታይ እዩ፧
የሆዋ “ነቲ ደም ኣብ ኣፍ ደገኻ ምስ ረኣኽዎ ከም ዝኣመንካኒ ኣብ ውሽጢ ቤት ከኣ ንዋላ ሓደ ኸም ዘይቀትል ክፈልጥ እየ” በሎ።
ዘጸኣት 12፡26-28, 35-36


ስለምንታይ ነታ ዕየት ቀቲልካ ኣብ ኣፍ ደገኻ ደም ዘይገበርካ፧
ሃ! ነዚ ኹሉ ማሪታዊ እምነት ትኣምነሉ ዲኻ፧ ኣብ ኣፍ ደገ ዘሎ ቈሩብ ደም ሞት ደው ኬብሎ ዚኽእል ብኸመይ እዩ፧ ጆይኪም ወደይ ኣይፈርህን እዩ፧


ብርግጽ ኣይኮነን። ሕሱም ዝኾንኩዶ ይመስለካ፧ ሃይማኖት ንድኹማት እዩ ዝምልከት። ሕያዋይ ኣምላኽ ኣብ ኣፍ ደገ ቈሩብ ደም ብዘይምግዳፎም ንሰባት ኣይቀትልን እዩ። ብዛዕባ እቶም ዘይሰምዑ ሰባትከ፧


ኣቦይ እዛ ለይቲ እዚኣ ኻብ ካልኦት እተፈልየት ስለምንታይ እያ፧
ምኽንያቱ ሎሚ ምሸት ኣምላኽ ንኹሎም ዘይኣምኑሉ በኹሪ ደቂ ተባዕትዮ ንምቕታል መጥፍኢኡ ኽሰድድ ኢዩ። ነቲ ደም ምስ ረኣዩ ግና በታ ቤት እቲኣ ኺሓልፍ እዩ።
እዚ መጀመርታ መዓልትታትና እዩ ። ኣብ ዓዓመት ነዚ ፋስጋ እዚ ኸነብዕል ኣምላኽ ካብ ኢድ ፈርኦን ከም ዘድሓነና ድማ ክንዝክር ኢና።


ኣታ ኣቦይ ኣውያት ስማዕ! እቲ መጥፍኢ መጺኡ ክኸውን ኣለዎ!
ኣይትፍራህ፡፡ ንኣምላኽ ተኣዚዝናዮ ኢና ፡፡ እቲ ደም ኣብ ልዳት ማዕጾ ነበረ፡፡ ነታ ዕየት ንበልዓ ኣለና፡፡


ወደይ ሞይቱ!
ኦ ኣምላኽ ሓደ ነገር ግበር ። ንሙሴ ጸውዓዮ!
ዘጸኣት 12:28


ኡኡኡይ
ኡኡይይይ
ኡይ! ወየነ ሕጻነይ !


ኣይትሓዘለይ እንተኾነ ግን ግዜኡ ሓሊፉ እዩ ፡፡ መጠንቀቕታ እኳ እንተ ተዋህበካ ኣይኣመንካን ፡፡ ሎሚ ምሸት ብዙሓት ክሞቱ እየም ፡፡
በታ ምሸት እቲኣ እቲ መጥፍኢ ነታ ኸተማ ምስ ሓለፋ ብኣሸሓት ዝቑጸሩ ሞቱ። እቶም ዝኣመኑን ነቲ ደም ኣብ ቤቶም ዝእተዉን ብህይወት ተረፉ።



ወድና ሞይቱ!
ቀልጢፍካ ንሙሴ ናብዚ ኣምጽኣዮ።


እንታይ.....
በኹሪ ስድራ ቤቱ እዩ!
ዘጸኣት 12፡29-31


ፈርኦን እንደገና
ንሙሴ ጸውዖ ፡፡

ፈርኦን ግን ንገጽ
ሙሴ ኣይጠመተን።




ከምቲ ኣምላኽ ንኣቦታቶም
እተመባጽዓሎም ድሕሪ ኣርባዕተ
ሚእቲ ዓመት ካብ ግብጺ ወጹ ፡፡
ግብጻውያን ንእብራውያን ዝደለይዎን
ኪስከምዎ ዚኽእሉን ዘበለ ወርቅን
ስልማትን ምግብን ሃብዎም ፡፡ እዚ
ኣጋጣሚ እዚ ነቶም እብራውያን
ቈልዑ ዘሐጕስ ኣጋጣሚ ኢዩ ነይሩ ፡፡




ዘጸኣት 12:31-38, 13:21-22

https://goodandevilbook.com/